ከመይ ይመስለኪ...

* ኣብ ህይወትኪ ሓደጋ ዘጓንፈኪ ይመስለኪ'ዶ?
* ኣብ ገዛኺ ሽግር (ከም ማህረምቲ) ክህሉ ይኽእል ኢልኪ'ዶ ትሓስቢ? ወይ ከየጋጥመኪ ትፈርሂ ዲኺ?
* ኣብ ገዛ ውሽጢ፡ ከም ማህረምቲ፡ ምፍርራሕ፡ ኣብ ገዛ ምዕጻው፡ ምድፋር፡ ምውራድ፡ የጓንፈኪ'ዶ?
* ብዘይ ፍቓድኪ ክትምርዓዊ የገድዱኺ'ዶ?
* ምስ ስድራኺ ወይ ምስ መሓዙትኪ ከይትራኸቢ ትኽልከሊ ዲኺ?
* ንነብስኺ መከላኸሊ ዝኸውን መንገዲታት ከም ዘይብልኪ ኰይኑ'ዶ ይስምዓኪ?
* ሽግርኪ ንመን ከም እትነግሪ ይጽግመኪ ድዩ?

ማንም ሰብ ክሃርመኪ መሰል የብሉን። እንተ ተሃሪምኪ ድማ ናትኪ ጥፍኣት ኣይኰነን። ማህረምቲ ዝፍጽም ሰብ ናይ ተግባሩ ተሓታቲ እዩ።

ሓለዋ-ኣሓት ሳሚያ እዚ ዝስዕብ የቕርብ፡-

* ብተለፎን፡ ምኽርን ደገፍን የወፊ።
* ኣብ'ቲ ቦታ ምስ እትመጺ ይተሓባበራኽን ይሕግዛኽን።
* ዝህልወኪ መሰላትን ኣኽእሎታትን ክትፈልጢ ይሕብራኺ።
* ንፉዓት ጠበቓታትን ኣማኸርትን ዝርከቡሉ መንገዲ ምኽሪ ይህባኺ።
* ስቱር መንበሪ ንክትረኽቢ ይሕግዛኺ።
* ነብስኺ ክትክእሊ ይሕግዛኺ።
* ብናትኪ ምርጫ ይሕግዛኺ።

ኣብ ሳሚያ እንሰርሕ ሰባት ሽግር ንዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ምርዳእ ብዙሕ ዓመታት ናይ ስራሕ ልምዲ ኣሎና። ብጠቕላላ 18 ቋንቋታት ንዛረብ መብዛሕትና ምስ ሳሚያ እንሰርሕ ሰባት፡ ናይ እስልምና ሃይማኖት ኣመንቲ ክንከውን እንከሎና፡ ካብ ዝተፈላለየ ዘርኢታትን ዓሌታትን ዝመጻእና ኢና። ንስኺ ከኣ፡ ብእስልምና እትኣምኒ ወይ ድማ ካልእ ዝተፈልየ ዘርኢ ዘሎክን እንተኾንኪ፡ ናይ ዘርኢ ወይ ሃይማኖት ተጽዕኖ ትሕተት ከይተሰማዓኪ ብሕውነታዊ ስምዒት ብዘተኣማምን ኣገባብ ክንቅበለኪ ኢና። ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ካብ ዝኾነ ደኹን ሃይማኖት ወይ ዘርኢ እንተመጸት'ውን ንቕበል ኢና።

ስልኪ ቍጽርና፡- 020-81 82 83

ተሌፎን ክትድውሊ ከሎኺ፡ መንነትኪ ከየፍለጥኪ ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ። ሳሚያ ናይ መንግስቲ ትካል ስለ ዘይኰነ ምስጢርኪ ሕሉው ኢዩ።